# መስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ዘውደ ገብረገርግሽ ብርሃኑ ኣብ ከሰላ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 27.04.2006

ብጻይና ኣቦይ ዘውደ ገብረገርጊሽ ብርሃኑ መሓሪ ኣብ ርእሲ እቲ ዝነበሮ ሕማም ሓዲሽ ተውሳኺ ሕማም ካንሰር ኣብ ከብዲ ጌሩ ዝለዓለ ሕክምና ንምግባር ንካርቱም እናኸደ ከሎ ሎሚ ዕለት 27/04/2006 ሰዓት 4፡20 ኣብ ገዳርፍ ዓሪፉ። ሬሳኡ ብኡንብኡ ናብ ከሰላ ተመሊሱ፡ ሰዓት 10፡30 ብዓቢ ኣኽብሮት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ብጻይ ተጋዳላይ ዘውደ ገብረገርጊሽ ብርሃኑ ካብ ኣባኡ ገብረገርጊሽ ብርሃኑ ካብ ኣዲኡ ለተንኪኤል ተስፉ ወልደስላሰ ኣብ ዓዱ በራቂት ዓዲ ጉልቲ ኣከለጉዛይ (ምም.ቑ.10 ) ብ1935 ተወሊዱ። ወዲ 39 ዓመት ከሎ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብ1974 ተሰሊፉ። ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣባል በጦሎኒ 371 3ይቲ ሓይሊ ኰይኑ ሃገራዊ ግቡኡ እንዳፈጸመ ከሎ ብዕለት 02/02/1977 ኣብ እምባሶይራ (ከባቢ እምባደርሆ) ኣከለጉዛይ ምስ ጸላኢ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ተወጊኡ ሰንኪሉ ስለዝነበረ፡ ኣብ መደበር ውጉኣት ሓርነት ኣብ ከሰላ ክእለ ጸኒሑ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንነብስሄር  መንግስተ-ሰማያት የዋርሶ። ንኹሎም ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማንን ንቤተ-ሰቡን ጽንዓት ይሃብኩም ጽንዓት ይሃበናን እናበለ፡ ናይ ሓዘን መልእኽቱ የመሓላልፍ።